ሰበረ  ከምዚ ከይገበረ
እንታይ ይበሃል ነበረ?

ብኣፍ ተሓዪኹ ቁሩብ ከይመቀረ
ብጎሮሮ ወሪዱ ከስዐ ከይኮምተረ
ምሕቃቅ ኣባዩ መዓንጣ ከየሕረረ
ሙቐት ከሊኡ ሰዉነት ከየቑረረ
ብደዐ ጎሲዑ እንቀዓ ከይመደረ
ንሓንጎል ደቂ ሰባት ብመርዙ ከየስከረ
ንጹሃት ክጥቅን ዘይኮነ ከይሰንዘረ
ዘይመደይ ኢሉ ንጽልኢ ከይጳሕተረ
ንወትሩ ከየጥፎኦ ኣንጊሁ ዝወፈረ
ንቅርዓት ዓደቦ ከምዝመስሎ ከይጠረረ
ዝሓለፈ ከይኣኽሎ መሊሱ ከይፈከረ
ንሕቆ ከልምስ ኲናቱ ከይወርወረ
ንሂወት ብዙሓት ብጃምላ ከይቀበረ
ኣብ ትጽቢት ውዒሉ ኣብ ትጽቢት ዝሓደረ
ከምዚ ከምዝገብር ብኣና ንዝተነግረ
መን ኣሎ ንቢሂልና ሎሚ ዘይዘከረ
ልቢ ይግበር ደጊምስ ከይጸገበ ዝዓንደረ

ወይ ጉዳም ሰበረ
ከምዚ ከይገበረ
እንታይ ይበሃል ነበረ ?

ኣቡ ያረድ